ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.18 | ሰንበት 21 መስከረም 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ሪፖርታጅ

ገጽ 3
ኣፋዝያ እንታይ እዩ?


ገጽ 4
ንኩሉ ዝጸሉ ዘሎ ብከለ ኣየር


ገጽ 5
ጕጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ...


ገጽ 7
ዓርኮብ፡ ኮባይ ኣርማ ጋሽ ባርካ


# በዓል-መዚ መጓዓዝያ ምድሪ፡ ወነንቲ ተሽከርከርቲ ኣብ ዝተፈቐደሎም ሕጋዊ ልቸንሳ ክነጥፉ ጸዊዑ



ወነንቲ ተሽከርከርቲ ብሓፈሻ ወነንቲ ኮድ-1 ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ዝተፈቐደሎም ሕጋዊ ልቸንሳ ጥራይ ክነጥፉ፡ ኣብ በዓል-መዚ መጓዓዝያ ምድሪ ዳይረክተር ጨንፈር ድሕነትን ቁጽጽርን ኣቶ በየነ ተስፋማርያም ጸዊዑ።

እቲ ጨንፈር፡ ስሉጥን ውሑስን ስርዓት መጓዓዝያ ምድሪ ንኽረጋገጽ፡ ኣፍልጦ ተጠቒምካ ጽርግያ ክብ ንምባል ዝሕግዝ ኣስተምህሮታትን ጎስጓሳት ብብጽዋዑ ከምዝወሃብ፡ ሕጊ ዝጥሕሱ ተሽከርከርቲ ድማ ከምዝጠንቅቕን ከምዝቕጽዕን ብምጥቃስ፡ ብፍላይ ብወነንቲ ኮድ-1 ዝርአ ዘሎ ተደጋጋሚ ጥሕሰት ሕጊ ዕቱብ ምቁጽጻር ይግበረሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ ኩሉ መስመራት ተቘጻጸርቲ ብምውፋር ጥሕሰት ሕጊ ንምጉዳል ወፍሪ ከምዝካየድ ዝሓበረ ኣቶ በየነ፡ ቴክኒካዊ ብቕዓት ተሽከርከርቲ ንምርግጋጽ መርመራታት ከምዝካየድ፡ ጉድለት ዝተረኸቦ ሰትምቲ ከምዝወሰድሉ ብምሕባር፡ ምስ ተሽከርከርቲ ምትእስሳር ዘለወን ግላውያን ጋራጃትን ትምህርታን ብሕጊ ተማእዚዘን ንኽሰርሓ ቁጽጽራዊ ስርሓት ከምዝካየደለን ኣረጋጊጹ።

ኣቶ በየነ ወሲኹ፡ ብግዜ ጸልማት ደጓሒ. መብራህቲ ብምውላዕ ኣብ ተጠቀምቲ ጽርግያ ጉድኣት ክስዕብ ንዝጸንሓ ተሽከርከርቲ፡ ከምኡ’ውን ካብ ፋብሪካ ወጻኢ ዝተፈልየ ሕብርን ንብረትን ዓጢቐን ዝጸንሓ’ውን ሰጉምቲ ከምእተወስደለን ሓቢሩ።

ኣብ ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት 2025 ጉድለትን በደልን ብምፍጻም ዝተኸሰሳ ተሽከርከርቲ ብገዝብን ካልእ ሰጉምትን ክቕጽዓ ከለዋ፡ ምስ 2024 ብምንጽጻር - ተርእዮ ጉድለትን በደላትን ብ13 ሚእታዊት፡ ገዝባዊ መቕጻዕቲ ድማ ብ18 ሚእታዊት ከምዝጐደለ ኣፍሊጡ።

እቲ ዝበየነ መቕጻዕቲ ብመጠንን ዓይነትን ናይ’ቲ ጥሕሰት ዝፈላለ’ኳ እንተኾነ፡ ገዝብን ንዝተወሰነ ግዜ ታርጋ ምውራድን ከምዝጠቓልል፡ ኣቶ በየነ ብዝወሃኸ. ገሊጹ።

ኣቶ በየነ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ መስርሕ መሸጣን ዕድግን መካይን፡ ዋንነት ምቕያርን ምስግጋርን ኣብ ውሽጢ 60 መዓልታት ክካየድ ግድን ምዃኑ፣ ዚ. ዘይፍጽሙ ድማ ብዘይካ’ቲ 5 ሽሕ ናቕፋ መቕጻዕቲ፡ ኣብ ውዕል መድሕን ተሓታትነት ከምዝስዕብ ክርድኡ ብምዝኽኻር፡ ኣብ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ዝተዋፈሩ ወነንቲ ጋራጃት ካብ ተግባራቶም ክቑጠቡ መኺሩ።

# ኣብ ዓዲ-ኾላን እንዳገርግስን፡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምድንፋዕ ተዘትዩ





ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኾላ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘጋጠመ ጸገማት ብምልላይ ፍታሕ ንምንዳይ ዝዓለመ ርክብ፡ ብ18 መስከረም ኣብ ዓዲ-ኾላ፣ ብ19 መስከረም ከኣ ኣብ እንዳገርግስ ኣካይዱ።

ሓላፊ’ቲ ቤት-ጽሕፈት መምህር ተስፋይ ስብሃቱ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ መጠን ምሕላፍ መጠናዊ ዕቤት ከርኢ ከሎ፣ መጠን ምቁራጽ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ከምዝዘልቀ ኣብሪሁ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ህብትዝጊ ኪዳነ ድማ፡ ዝምድና ተመሃሮ፡ ወለድን መምህራንን ከምኡ’ውን ምሕደራ ቤት-ትምህርቲ ክሕይል ብምዝኽኻር፡ ብልጫታቶምን ድኽመታቶምን ብግቡእ ምግምጋም፡ ዝወጠን መደባት ብዓወት ንምትግባር መሰረታዊ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ዝኣረገ ሰደቓታትን መጽሓፍትን ፍታሕ ክናደየሉ፣ ከምኡ’ውን ቀጽሪ ዘይብለን ኣብያተ-ትምህርቲ ክስርሓለን ተላበዩም።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኾላ፡ ኣብ ተራ ጥዑይ ዝምድና ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ኣብ ወጽኢታዊ ስራሕን ኣገልግሎትን ዘተኮረ ኣስተምህሮ፡ ብ18 መስከረም ኣብ ኣዳራሽ ዓዲ-ብርያ ተዋሂቡ።

ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን - ኣቶ ረዘነ ወልደኣማኑኤል፡ ኣብ መንጎ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ጥዑይ ዝምድና ምስ ዝህሉ ኣድማዒ ስራሕ ከምዝዕመም ብምጥቃስ፡ ኣብ’ዚ መዳይ’ዚ ብዕቱብ ክሰርሑን ሕጋዊ ውዕል ክህልዎን ኣዘኻኺሩ።

ወኪል ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ረዘነ ፍስሃየ ብወገኑ፡ ወነንቲ ትካላት ማሳለት ሰራሕተኛታት ንምኽባርን ሓደጋ ኣብ ቦታ ስራሕ ንምክልኻልን ቀዳምነት ሂቦም ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

# ኣስመራ - ሓባራዊ ርድኢት መምህራን ንምምዕባል ዝዓለመ ዓውደ-ዘተ ተኻዪዱ



ሓባራዊ ርድኢት መምህራን ብምምዕባል መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምድንፋዕ ዝዓለመ ዓውደ-ዘተ፡ “ብሉጽ ትምህርቲ - ብሉጽ ተመሃራይ ንምፍራይ” ብዝብል ቴማ፡ ብ19 መስከረም ኣብ ኣስመራ ተኻዪዱ።

ኣብ’ቲ ወከልቲ ዝተፈላለያ ኣካላት መንግስቲ፡ መምህራንን ተመሃሮን ዝተሳተፍዎ፣ ኣብ ኣዳራሽ ቤት-ትምህርቲ ደምበ-ሰምበል ዝተኻየደ ዓውደ-ዘተ፡ ርእሰ-መምህር’ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ነጋሲ ወልዱ፡ ርዝነት መምህር ሰረት ሕብረተ-ሰብን ሃገርን ስለዝኾኑ፡ መምህራን - ብሉጽ ትምህርቲ ናብ ተመሃሮ ኣብ ምትሕልላፍ ሓላፍነታውያን ኮይኖም ክፃጹ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ንሓፈሻዊ ኩነታት ትምህርትን ሞያ ምምህርናን ዝምልከት መግለጺ. ብዝተፈላለዩ ምሁራት ዕዱማት ተዋሂቡ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ. ኣካዳሚያዊ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ዝነበረ ሓያልን ድኹምን ጎድኒታት ክትንተን እንከሎ፡ ብቕዓትን ዲሲፕሊንን ተመሃሮ ንምምሕያሽ ድልውነት መምህራንን ኩሎም ኣካላትን ክዓዝዝ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ኣብ መወዳእታ ተጋባእቲ፡ ኣብ ብቕዓትን እሩም ዲሲፕሊንን ተመሃሮ፣ ተራ መምህር ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን፣ ከምኡ’ውን ኣብ መንጎ ምምሕዳር ቤት-ትምህርትን መምህራንን ዘሎ ዝምድና ዘተኮረ ዘተ ኣካዪዶም።

ሪፖርታዥ

# “ብናጻ ዝረኸብናዮ፡ ብናጻ ንሃብ” ብግብሪ ዝሰርሓሉ ዘሎ ሰናይ ተበግሶ

ሸዊት ገብረብርሃን

“መንእሰይ ዓንዲ-ሕቖ ሃገር'ዩ” ክበሃል ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ይስማዕ እዩ። ብርግጽ መንእሰይ፡ ዓንዲ ሕቖ ሃገሩ ክኸውን ይኽእል'ዩ፡ ግን ከአ ኣይከም ኤርትራዊ መንእሰይን። ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ካብ 1940ታት ኣትሒዙ ኣብ ቃልሲ ጸረ-መግዛእቲ ብውልቅን ብእኩብን ተሳቲፉን ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምኽባር



መም/ ህብትዝጊ ኪዳነ

ሉኣላውነትን'ውን ኣዚ ቃል ብተግባር ኣረጋጊጹዎን እዩ። መስዋእቲ ናይ ግዜ፣ ናይ ጺጋ፣ ንእሽቶ፣ ብዓቢኡ ድማ ናይ ህይወት ክኸፍል ቅሩብ ኮይኑ። ኣብዚ ግዜ'ዚ'ውን ኣብ ልምዓታዊ መደባትን ህንጸት ሃገርን ከምኡ'ውን ኣብ ዲያስፖራ ኮይኑ ሃገራዊ መኸተኡ ብምሕያል እጃሙ የበርክት ኣሎ።



ኣቶ ግርማይ ገብሩ

ትምህርታውን ልምዓታውን መደባት ክዕወት እምበኣር ተሳታፍነት መንእሰይ ክረጋገጽ ኣለዎ። ስለዚ'ዩ ድማ መንእሰይ፡ ንቕሓቱ ከበርኽ፡ ውዳቡ ከሐይል፡ ዕጥቁ ከይልድል ግድነታዊ ዝኾነ። መንእሰይ፡ ምስ ዘሎ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ዝኸይድ ፍልጠትን ንቕሓትን ክዓጥቕ ግዜ ዝጠልቦ ዕማም'ዩ። ስለዝኾነ፡ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ብሰፊሑ ኣዚ መደብ ክሳብ ንኡሳን ዞባታትን ዓዲታትን ብምውራድ፡ ናይ ስልጠናን ምትብባዕን መደባት ምስ መሻርኽቱ ብምውህሃድ የሰላስል ኣሎ።

ኣዚ ከሉ ንምብጻሕ፡ ትምህርቲ እቲ ቀንድን ኣገዳስን ረቛሒ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ድማ፡ ካብ ጸባሕ ናጽነት ኣትሒዙ ዝሰርሓሉ ዘሎ ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነቱ እዩ። ሕብረተሰብ'ውን ኺ ኺ'ቲ መንግስቲ ዘካይዶ ንጥፈታት፡ ብብኮብኡ ተወዲቡ ኣብ ምሕያል መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ይዋሳእ ኣሎ። ንኣብነት፡ ኣብ ምህናጽ ተወሰኽቲ ክፍልታትን ቀጽሪ ቤት ትምህርትን፡ ምትብባዕ ተመሃሮ፡ ምሕጋዝ መምህራንን ካልእን ይነጥፍ ኣሎ። እዚ ከኣ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ትምህርቲ ልዑል ምዃኑ ዘጸር እዩ።

ተመሃራይ ዞማእከል መዘናዊ ትምህርቲ ድማ ከም ኣካል ምሕያል ትምህርቲ፡ ኣብ ሃገርና ዝሰርሓሉ ዘሎ ኮይኑ፡ “ብናጻ ዝኹብናዮ፡ ብናጻ ንሃብ” ብዝብል ቴማ፡ ክረምታዊ ትምህርቲ መዘና ክውሃብ ጸኒሑ ኣሎ። ኣዚ ሰፊሕ መደብ ማሕበረሰብ ዞባ ደቡብ፡ ተመሃሮ፡ መምህራን፡ ወለዲ፡ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ብዘለዓለ ዝዋሰኡሉን ብናታቶም ጻዕሪ ዝሕይልን ዝምዕብልን ዘሎ እዩ። እዚ ከኣ፡ ክረምታዊ ትምህርቲ ከም ባህሊ ሰሪጹ ንክኸይድ ዝሰርሓሉ ዘሎ መደብ'ዩ።

ኣብ እዋን ክረምቲ 2025 ካብ`ቲ ብኣተኩሮ ተታሒዙ ዝበረ መደብ ኣካዳሚያዊ ትምህርታዊ ደገፍ ንዝደኸሙ ተመሃሮ መበኢታ ካብ 2ይ ክሳብ 5ይ ክፍሊ'ዩ። እዚ መደብ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ንኣሕዋቶም ተመሃሮ መበኢታ ደረጃ ዝሕግዙሉ ኣጋጣሚ'ዩ።

እዚ መደብ ክረምታዊ ትምህርቲ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ብምውህሃድ ሃማመተኤን ሚኒስትሪ ትምህርትን ካብ 1 ሓምለ ክሳብ 24 ነሓሰ ኣብ 12 ንኡሳን ዞባታት ዞባ ደቡብ ክካየድ ዝጸንሐ እዩ። ኣባላት ሕመረትን ካድርን ዝኾኑ 380 ብሉጻት ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ድማ፡ ንኣስታት 10 ሽሕ ተመሃሮ መበኢታ ደረጃ ምሂሮም። ብ3 መስከረም 2025 ከኣ፡ እቲ መደብ ክረምታዊ ትምህርቲ ኣብ ኣዳራሽ ኩዶሕንባሻ መንደፈራ ገምጋም ተኻዪዱሉ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ መንእሰይ ግርማይ ጉብሩ ኣብ ዘቕረቦ ገምጋም፡ እቲ መደብ ኣካዳሚያዊ ዓቕሚ ተመሃሮ ዝዕብየሉ፣ ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ዝሕይለሉ፣ ተመሃሮ ብመትከል ርእሰ ምርኮሳ ተመልሚሎም ብጻዕሮም ዓወት ዝጭብጥሉ፣ ብፍላይ ድማ መሃርቲ መዘና ልዑል ናህሪ ወሲኾም ዝበረኸ ዓወት ዘቋምትሉን ራኢኦም ዘጽንዑሉን መስርሕ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ትምህርቲ መዘና ኣብ ምሕያል ኣካዳሚያዊ ብቕዓት ተመሃሮ ብሓፈሻ ኣብ ውጽኢት መርመራ ከኣ ብፍላይ ዓቢ ግደ ከምዘለዎ ዞማትእ ከምዝይተነ ከኣ ገሊጹ።

መዘናዊ ትምህርቲ፡ ኣቐድም ኣቢሎም ብዙሕ ዕድላት ትምህርቲ ዝረኸቡ ንፉዓት ተመሃሮ ኑቶም እዚ ዕድል`ዚ ክረኽቡ ዘይኸኣሉ'ም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዘይረኸቡ ተመሃሮ መበኢታ፡ ፍልጠቶምን ናይ ትምህርቲ ተሞክሮኦምን ዘካፍሉሉ፣ ንሓድሕዶም ብእወታ ዝጸላለዉሉ፣ ናይ ባህሪ ለውጢ ንምምጻእ ባይታ ዝረኸቡሉ መድረኽ ምዃኑ ከኣ ኣነጺሩ።

ንቐንዲ ዕላማ እዚ መደብ ኣመልኪቱ ኣብ ዘሰምዖ ቃል ከኣ፡ “ተመሃራይ ዞማእከለን ዝዋሳኣሉን ኣገባብ ኣመሃህራ” ዝብል መትከል ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ጽልዋ መዘና ኣዝዩ ሓያል ብምዃኑ፡ ንመዘኑ ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ከም ዝዋሰኡ ምግባር፡ መስርሕ ምምሃር ምስትምሃር ኣዝዩ ስሉጥን ውጽኢታውን ምግባር ማለት እዩ።

ሓለፍቲ ሃማመተኤ ኣብ 12 ንኡሳን ዞባታት ዞባ ደቡብ ቡብወገኖም፡ ኣብ ከባቢኦም ንዝበረ ንጥፈታት ክረምታዊ ትምህርቲ፡ ተቐባልነት ወለድን ደገፍ ሕብረተሰብን ብዝርዝር ኣብ ዘበርሃሉ፡ ዝበሮም ብልጫታት ብምዕቃብ፡ ኣብ መጻኢ ከጋጥም ንዘኽእል ድኻማትን ሕጽረታትን ንምፍታሕ ተመያይጦም።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ህብትዝጊ ኪዳነ ድማ፡ ኣብቲ ክረምታዊ ትምህርቲ ዝመሃሩ ኣብነታውያን ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ፡ ዘርኣይዎ ተገዳስነትን ብቕዓትን ብምምጓስ፡ ኣብ መጻኢ'ውን ተመሃራይ፡ መምህርን ወለድን ዞማእከለ ስርዓተ ትምህርቲ ንምሕያል እቲ መደብ ብዘለዓለ ክቕጽል ምዃኑ ኣፐዚዚቡ። ኣብዚ፡ ሎሚ ዓመት፡ ዞባ ደቡብ 73.2% ተመሃሮ ዝሐለፉትሉ ሃገራዊ መልቀቒ መርመራ ማእከላይ ደረጃ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት ድማ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ንመደብ ክረምታዊ ትምህርቲ መዘና ድርዒ ዝፈጥረሉ ምዃኑ ኣነጺሩ።

ጻሓፊት ህግደፍ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ኣመተ ንጉሰ ብወገና፡ ኣብ'ቲ ኣጋጥእሚ ኣብ ዘሰምዓቶ ቃል፡ እቲ ንዝደኸሙ ተመሃሮ ንምሕጋዝ ተጀሚሩ ዘሎ መደብ፡ ኣካልን መቐጸልታን ናይቲ ርእሰ ምርኮሳ ዝሰረቱ ስትራተጂ መንግስቲ ኤርትራ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ መደብ ናይ መጀመርያ ተሞኩሮ ከም ምዃኑ መጠን፡ ንኣሸቱ ድኻማትን ጉድለታትን ክህልዎ ንቡር ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ብሰንኪ ሓጋዚ ምስኣን ካብ ትምህርቲ ዘልሓጥ ዝብል ዜጋ ከይህሉ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ፡ ቀጻልነቱ ክውሓስ ኣተሓሳሲቡ።

ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ፡ ካብቶም እዚ ትምህርቲ መዘና ክህቡ ዝጸንሑ 380 መንእሰያት፡ ኑቶም 195፡ ናይ ምሕደራን መሪሕነትን ስልጠና ብምሃብ፡ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ከም ዝምረቑ ገይሩ'ዩ።






## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጸ 1284


ዜና

# ጊንዳዕ - ልዑል ነጥቢ ዘመዝገቡ ተመሃሮ ተሸሊሞም

ቤት-ትምህርት ካልኣይ ደረጃ ጊንዳዕ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ (ማትሪክ) ልዑል ነጥቢ ዘመዝገቡ 25 ኣባላት 35፡ 36ን 37ን ዙርያታት ሃገራዊ ኣገልግሎት ሸሊሙ።

ርእሰመምህር'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ዓሊ ኢብራሂም ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ተረኺቡ ዘሎ ዘተባብዕ ወጽኢት፡ መርኣያ ወሀድ ጻዕሪ ተመሃሮ፡ መምህራንን ወለድን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እቲ ናይ ምሽሎም መደብ ኣብ ዝቕጽል ናይ ትምህርቲ ጉዕዞኦም ደራኺ ተራ ከምዘለዎ ኣፐዚዚቡ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ መምህር ሱሌማን ማሕሙድ ብወገኑ፡ ዝተወሰደ ናይ ምትብባዕ ተበግሶ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ቅዱስ ቅንኢ ዘሕድር ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ካብ ኣሉታዊ ጽልዋ መዘና ተሓሊዮም ኣብ ኮሌጅ ተወዳደርቲ ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።

ተሸለምቲ ብወገኦም፡ ንዝተኻየደሎም ናይ ምትብባዕ መደብ ብምምስጋን፡ ጻዕራታቶም ኣሐዩሎም ከምዝቕጽሉ ኣረጋጊጾም።

# መዘናግዒ

ማርታ'ክብሮም

## ኣፋዝያ እንታይ እዩ?



ኣፋዝያ ኣብ ሓንጎል ድሕሪ ዘጋጥም መጉዳእቲ ዝስዕብ ናይ ምዝራብ ጸገም'ዩ። እዚ ሕማም ሙብዝሕትኡ ግዜ ደቂ ሰባት ንኽዛረቡ ኣብ ዘኽእል ጸጋማይ ክፋል ሓንጎል እዩ ዘጋጥም።

ቀንዲ ጠንቂ ሕማም ኣፋዝያ ወቕዒ ልቢ ምኻኑ እዩም ክኢላታት ጥዕና ዝገልጹ። ብሓፈሻ በዚ ሕማም ዝተጠቕዑ ሰባት ክዛረቡ ይኹን ክንበቡ ኣይክእሉን፣ ሰባት ዝዛረብዎ ነገራት ብቐሊሉ ክርድእዎ ይጸግሞ፣ ከምኡ'ውን ገለ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ኣብ ምግባር ከምዝሽገሩ ብራዚላዊ ዶክተር ሌናርዶ ቴለስ ይገልጽ።

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣፋዝያ ምህላዎም ይግለጽ። ገለ ካብኣቶም፦

1. ሕጽረት ናይ ቃላት ዘስዕብ ኣፋዝያ፦ ኣብ ቅድሚት ዝርከብ ክፋል ሓንጎል ምስ ተጠቕዐ ዘጋጥም እዩ። ኣብዚ ቅድሚት ዝርከቡ መትንታት ንናይ ምዝራብ ቅልጣፈ እጃም ዘለዎም'የም። ብሓፈሻ እዞም ሰባት ዝሰምዕዎ ነገር ምርዳእ ዝኽእሉ እኳ እንተኾኑ ንኽዛረቡ ግና ብዙሕ እዩም ዝጸገሞ።

2. ዘህወትት ኣፋዝያ ፦ በዚ ዓይነት ኣፋዝያ ዝሳቐዩ ሰባት ኣዝዮም ዝተፈልዩ'ዮም። ኣብ ክንዲ ዝዛረብዎ ቃላት ዝሰኣኑ፣ ንዌሕ ግዜ ብዘይ ዕረፍቲ ትርጉም ዘይብሉ ዘረባ ክዛረቡ ይኽእሉ።

## ጥዕናዊ ረብሓታት ፍሽኽታ

• ፍሽኽታ ነዊሕ ዕድመ ንኽትነብር የኽእለካ፦ መጽናዕቲ ከምዝሕብሮ፣ ፍሽኽታ ምስ ነዊሕ ዕድመ ምትእሳር ኣለዎ። ሕጉሳት ሰባት፣ ጥዕና ይህልዎምን ካብቶም ፍሽኽ ዘይብሉ ሰባት ብዝዓጸጸፈ ዕድመ ይወስኹን።

• ፍሽኽታ ጸቕጢ የወግድ፦ ኣብ ገጽካ እተርኢዮ ፍሽኽታ፣ ኣብ ውሽጥኻ ዝለዎ ሕማቕ ስምዒት ይኹን ጭንቀት ኣብ ምቕላል ዓቢ ተራ ይጻወት። ከምኡ'ውን ስምዒታትካ ኣብ ምንቅቓሕ ተራ ኣለዎ። ስለዚ ኣብ ውሽጥኻ ሕማቕ ስምዒት ኣብ ዝስምዓካ ግዜ፣ ብዝተኻእለ መጠን ፍሽኽ ክትብል ፈትን።

• ፍሽኽታ ንካልኦት ሰባት'ውን ሓጎስ ይፈጥር፦ ፍሽኽታ ልክዕ ከምቲ መብራህቲ ንጸልማት ገዛ ዘብርሆ ክምስል ይኽእል። ስለዚ ፍሽኽታ ንዓኻ ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ስምዒት ንዘጸንሑ ኣብ ዙርያኻ ዝለዉ ሰባት'ውን ሓጎስ ክፈጥረሎም ይኽእል እዩ። ብዘይካ'ዚ ክኢላታት ስነ ልቦና፣ ፍሽኽታ ካባኻ ሓሊፉ ናብ ካልኦት ሰባት ብምልባዕ ጽቡቕ ስምዒት ክህቦምን ንሳቶም ብግደኦም ፍሽኽ ክብሉ ከም ዝድርኾን ይገልጹ።

• ፍሽኽታ ንስርዓተ ምክልኻል ኣካላትካ የሐይል፦ ፍሽኽ ክትብል ከለኻ፣ ንስርዓተ ምክልኻል ኣካላትካ የበርትዕ እዩ። ምኽንያቱ ኣዚኻ ተዛኒኻ ኣለኻ ማለት እዩ። ፍሽኽታ ንገለ ቀለልቲ ሕማማት ከም ጉንፋዕን ብቑሪ ንዘመሓላለፉ ሕማማትን ኣብ ምክልኻል ዓቢ ተራ ኣለዎ።

• ፍሽኽታ ጸቕጢ ደም የጉድል፦ ፍሽኽታ ኣብ ኩነታት ጸቕጢ ደምና ቀሊል ዘይኮነ ጽልዋ እዩ ዘለዎ። ሰሓቕ ኣብ ህርመት ልብን ኣተናፍሳን ከምእንዞከ ብምግባር ኣብ ኩነታት ጸቕጢ ደም እወታዊ ተራ እዩ ዘለዎ።

• ፍሽኽታ ቃንዛ የጉድል፦ መጽናዕትታት ከምዝሕብርዎ፣ ፍሽኽ ኣብ እንብለሉ ግዜ ኣካላትና ሰሮቲንን ከምኡ'ውን ኢንዶርፊን ዝበሃሉ ከሚካላት የንዝዑ። እዚ ድማ ጽቡቕ ስምዒት ስለዝሁብ፣ ብኣንጻሩ ቃንዛ ኣብ ምህዳእ ዓቢ ተራ ይጻወት።

• ፍሽኽታ ሰሓቢ ከም እትኾውን ይገብር፦ ሙብዝሕትኡ ግዜ ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ካብ ዘጋጥሙና ሰባት በቶም ፍሽኽ ዝብሉ ሰባት ኢና ዝያዳ ንስሓብ። ኩሉ ግዜ'ውን ፍሽኽ ዝብሉ ሰባት ዝበለጸ ባህርያት ከምዝውንኑ ብምሕሳብ ክንለላዮምን ክንቀርቦምን ንደረኽ። ፍሽኽታ ሰሓቢ ከትኮውን ጥራይ ኣይኮነን ዝገብር፣ ንጭዋዳታት ገጽካ ካብ ምዕጣር ብምክልኻል ናይ መንእሰይ ገጽ ከምዝህልወካ ይገብር።

• ፍሽኽታ ዕዉት ከምትኾውን ይገብር፦ ፍሽኽ ዝብሉ ሰባት ዝያዳ ርእሰ ምትእምማን ዘለዎም ኮይኖም፣ ምስ ሰባት ጥቡቕ ሌላ ብምምስራት ናብ ጸፍሒ ሓላፍነት ክድይቡ ዘይጸገሞ እዮም። ስለዚ ምስ ሰባት ናይ ስራሕ ይኹን ውልቃዊ ርክባት ኣብ እትገብረሉ ግዜ ፍሽኽ ክትብል ፈትን።



## ካብ ኣደነቕቲ ታሪኻውያን ፍጻመታት

• ኣብ ክራማት 1941፣ ወተሃደራት ጀርመን ንሩስያዊት ከተማ ለኒንግራድ (ናይ ሎሚ ፒተርስበርግ) ን872 መዓልታት ኣብ ከባባ ኣእተዉዋ። እዚ ኣብ ታሪኽ እቲ ዝነውሐ ከባባ ተባሂሉ ተመዝጊቡ ዘሎ እዩ። እቶም ወተሃደራት ኩሉ ናብታ ከተማ ዝኣቱ ቀረብ መግብን ማይን ስለዝቀረጽዎ ሩስያውያን ኣዝዮም ተሸገሩ ከም ውጽኢቱ ድማ ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ካብቲ ህዝቢ ብጥሜት ሃለቑ።



ጆኣን ሃኒንግቶን

• ኣብ ታሕሳስ 1888 ህቡብ ቀባኣይ ቪንሰንት ቫን ጎግ ንነዛእ እዝኑ ባዕሉ ቈረጻ። እዚ ኣብ ታሪኽ ቀባእቲ ኣዝዩ ዝተፈልየ ፍጻመ እዩ። ቫን ጎግ እንታይ ኮይኑ ከምኡ ገይሩ ብልክዕ ዝፍለጥ እኳ እንተዘይኮነ፣ ምስታ ብ12 ዓመት ትዓብዮ ዝነበረት ሰበይቱ ምስ ተባኣሰ ተበሳጭዩ ከምኡ ከምዝገበረ እዩ ዝግመት።

• ስርዓት ናዚ ናይ ጀርመን ንፖላንድ ምስ ወረረ፣ ጆሴፍ ለውኮዊክዝ ዝተባህለ ወዲ 16 ዓመት መንእሰይ ካብቲ ምስ ብዙሕ ስድራ ቤቱ ዝነበረሉ ገዛ፣ ብናዚ ምስ ኣቦኡ ተወሲዱ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጎነ። ኣብቲ ሕማቕ መዳጎኒ መዓስከራት ድማ ብዘይ ዕረፍቲ ንብዙሕ ሰዓታት ክሰርሕ ተገደደ። ውሑድ ዘይኮነ ግዜ'ውን ካብ ሞት ንስክላ ይወጽእ ነበረ። ክሳብ ኩናት ዝዛዘም ድማ ኣብ ሽዱሽተ ዝሸፍአ ቤት ማእሰርትታት ናዚ ተዳጒኑ እዩ። ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ድማ ካብ ማእሰርቲ ተፈትሐ። ናብቲ ዝዓበየሉ ቦታ ምስ ተመልሰ ግና ካብቶም 150 ዝኾኑ ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብሩ ዝነበሩ ናይ ቀረባ ቤተሰቡ እቲ እንኮ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ከምዝኾነ ፈለጠ። ድሕሪ'ዚ ድማ ናብ ትካል ስለያ ኣመሪካ ብምጽንባር ኣባላት ናዚ ካብ ዝተሓብኡሉ ቦታ ብምሓዝ ናብ ፍርዲ ኣብ ምቕራብ ክተሓባበር ጀመረ።



ቪንሰንት ቫን ጎኽ

• ጆኣን ሃኒንግቶን ሓንቲ ካብቶም ኣብ መጀመርታ 80ታት ኣብ ሎንዶን ኣዝያ ግንንቲ ዝነበረት ገበነኛ እያ። ንሳ ኩሉ ግዜ ኣብ ኑብሳ ብዙሕ ክዳውንቲ ደራሪባ ትለብስ ነበረት። እዚ ግና ብዕላማ እያ ትገብሮ ነይራ። ንብዙሕ ግዜ ከይተፈልጠት፣ ኣብ ስርቂ ክቡር ስልማት ከም ኣልማዝን ወርቅን ተዋፊራ ነበረት። በዚ ድማ ሚልዮናት ፓውንድ ዝግመት ገንዘብ ከተኻዕብት ከኣለት። ጽቡቕ ናይ ቀልዕነት ግዜ ዘየሕለፈት ጆኣን ብዘይካ ንኑብሳ ንኽልእ ትኣምን ስለዘይነበረት፣ ንኹሉ እተካይዶ ዝነበረት መስርሕ ስርቂ ንበይና እያ ትፍጽሞ ነይራ። በቲ ካብ ስርቂ ዝረኸበቶ ገንዘብ ገይራ ድማ፣ ንሳ ኣብ መበል 17 ዓመታ ዝወለደታ ጓላ ትኣሊ ነበረት።

## ንፍሽኽታ

ሓደ ሰኽራም ሰብኣይ ናብ ሓደ ባር ብምኻድ ኣሳኣዩ ብምጽዋዕ በራ ክህቦ ሓተቶ። ኣሳኣዩ ግና ኣዝዩ ሰኺሩ ከምዝሎ ብምንጋር ተወሳኺ ኣልኮላዊ መስተ ከምዘይህቦ ገለጸ፣ ካብቲ ባር ኣውጽኦ። ወዮ ሰብኣይ ካብቲ ባር ምስ ወጸ ነዊሕ ከይጸንሐ ተመሊሱ በራ ኣዘዘ። ኣሳኣዩ ብቕጥዐ ናብኡ ብምቕራብ፣ "ኣቐዲመ ኣዚኻ ሰኺርካ ከምዘለኻን ዝኾነ ዝስተ ከምዘይህበካን ነጊረካ ነይረ" በሎ። እቲ ብመስተ ተሰኒፉ ዝበረ ሰብኣይ ነዚ መስርሕ ክልተ ግዜ ደጋገሞ፣ እቲ ኣሳኣዩ'ውን ነቲ መልሲ ከይሰልከየ ይደጋግሞ ነበረ። ኣብ መወዳእታ ግን ኣሳኣዩ ተቖጢዑ ፖሊስ ክጽውዓሉ ምኻኑ ኣፈራርሖ። ወዮ ሰኽራም ሰብኣይ፣ "ኢታ ሓወይ ኣብ ክንደይ ባር ዲኻ ትሰርሕ፣ ኣብ ዘዘኸድክዎ ዲኻ ትጸንሓኒ?" ብምባል ገዲፍዎ ከደ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰንበት21/09/25

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊደሪና |
| 09:40 | ድራማ |
| 10:25 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቀስተ ደሕኑት |
| 14:00 | ሞዚይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | ፊልም ፈንቅል |
| 18:05 | ዶክመንት |
| 18:45 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:00 | ፍናተ ህይወት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ዕላልጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ዳህሳስና |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:02 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## እተ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት!

### ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ

ሻዱሻይ ክፋል

ኣብዚ ሓሊፉ ሕታማት ብዛዕባ ኣቃውማ ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ ተኸቲልና ነይርና። ተኸቲልና እምበር፡ ተሪርን ዕምምን ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ ኣገዳሲ ሰፈሕን ዓሚቝን'ዩ። ንኹሉ ክሽፍኖ እንተ ደሊናውን ሰፊሕ መጽናዕትን ምርምርን ዘድልዮ ዕማም'ዩ። ንሎሚ ድማ፡ ከም መቐጸልታ ናቱ እታ ቀዳመይቲ ወራሲት ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ ህ.ግ. ዝኾነት ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምድህሳስ ኣገዳሲ'ዩ።



ተጋዳሊት ጺጋ ጋይም (1977)

ቀድሚ ምምስራት ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምልዓልና፡ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ንርእሳ መዓስን ኣበይን ብኸመይን ተመስሪታ እንተ ኢልና፡ እቲ ኣብ ከበባታት ፋሕ፡ ብሌቓት፡ ሰበርቀጡ፡ ደብዓትን ዘሮን ተሰሪቱ ዝነበረ ክፍልታት ወድኻብ ናብ ምዕባለ ገጹ ደሰጉም ኣብ ዝነበረሉ እዋን'ዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ድማ እቲ ወድኻብ ሓንቲ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ክምስረት ተበገሰ፡፡ ካብ ክፍልታትን ሓይልታትን ብዘተኣሕዝቡ ብኣጻብዕ ዝቝጸሩ መምህራንን ኣሊይትን ከምኡ'ውን ካብ ዓድታት ዝተፈልፋ ተመሃሮን ኣብ መስከረም 1976 ቤት ትምህርቲ ሰውራ ክትምስረት በቒዓ። እቲ ዝተመስረተትሉ ቦታ መበቈላዊ ስሙ በዓት ቢጫይ ዝበሃል ኮይኑ፡ ብህዝባዊ ሓይልታት 'ዘሮ' ዝበሃል መጸውዒ ኮድ እዩ ተዋሂቡዎ።

ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካበይ ዝመጹ'ዮም እንተ ኢልና ድማ፡ ደቂ ናይቶም ብጸላኢ ዝተገፍዑን ካብ መረበቶም ዝተመዛበሉን ኣብ ትሕቲ ህ.ግ. ተዓቚቦም ዝነበሩ ህዝቢ፡ ደቂ ተጋደልቲ፡ ካቡ ኣብ ሱዳን ዝነበረ መዕቆቢት ስደተኛታት፡ ደቂ ሰበኽ ሳግም፡ ባዕሎም ክጋደሉ ካብ ሓራ መሬት ናብ ሰውራ ዝተጸንበሩ ህጻናት ዝቖመት'ያ።

ሓንቲ ካብቶም ኣብዛ ቤት ትምህርቲ ክምህሩ ዝተመደቡ መምህራን ድማ፡ ተጋዳሊት ጺጋ ጋይም (ጓል ሻምበል) ነበረት። ጺጋ ቀድሚ ናብ ሰውራ ምስላፋ፡ ኣብ ኣፍዓበት ክትምህር ተመዲባ ዝነበረት'ያ። እንተኾነ ጺጋን ብጾይታ ሰውእቲ ኣቦባ ትኩእንን ኣብ ኣፍዓበት ዓመት ከይመልኡ፡ እቶም ኣብ ኣፍዓበት ዝነበሩ መምህራን፡ ሓኻይምን ካልኦት ሰራሕተኛታት መንግስቲን ኣቐዲሞም ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ተወዲቦም ስለ ዝነበሩ፡ ብሓንሳብ ናብ ሰውራ ክወጽኡ ኣብ ዝመደብሉ እዋን፡ ጺጋን ሰውእቲ ኣቦባን ምስ ብጾተን ናብ ሰውራ ብምጽንባር ኣብ ብሌቓት ግቡእ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ትምህርቲ ቀሰመን።

ድሕሪ ታዕሊም ድማ ጺጋ ናብታ ኣብ ሰፈሕ ቦታታት ሳሕል ኣውራ ድማ ኣብ ከባቢ ናቕፋ ዝነበረት ብስውእ መሓመድዓሊ ጣህር ትምራሕ ዝነበረት በጦሎኒ 301 በጺሓቶ። ሽዑ ኣብ ዘሮ፡ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ስለ ዝተማስረተት፡ ጺጋ ካብ ሓይልታት ተሳሒባ ከም መምህርን ኣላይትን ኣብታ ቤት ትምህርቲ ተመደበት።

ሽዑ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብዕድመኦም ብጕጅታት ተወዲቦም። እቶም ኣመና ንኣሽቱ ክሳብ 7 ዓመት ዝበጽሑ ኣብ እንዳ ኣቦባ ግደይ፡ እንዳ ሓረገ፡ እንዳ ራህዋ፡ እንዳ ኾርያ፡ ካብ 8-12 ዓመት ድማ ብስውእቲ ዛይድ ርእሶም ዝእለዩ ኰይኖም፡ ካብ 13-15 ድማ ብስውእ እስማዒል መሓመድ (ወዲ መሓመድ) ዝምርሖ ዝነበሩ ብፈተውራሪ ዝፍለጡ ይመሓደሩ ነይሮም።

እምበኣር ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካብ ዝተፈላለየ ብሄራት፡ ሃይማኖት፡ ካብ ገጠርን ከተማን ኣብ ዘሮ ምስ ተኣኻኸቡ፡ ብኦላ መምህራኖምን ኣለይቶምን፡ ኣብ ሓደ ቁራዕ ብዝገራወኑትን ሓደኑትን በሰሎም ዝተኸሰቱሉ ብምንባርም፡ ብኦላ እቲ ቅሉዕ ኣተሃናንጻኦም ድማ ኣብ ዝኸደኻዮ ቦታ ከም ደቂ ሓደ ማህጸን ኮይኖም ብፍቕርን ስኒትን እናዓበዩ እዮም ዝመጽኡ። እቲ ስረት ናይቲ ሰውራዊ ባህሊ'ውን ኾነ ንኣይሸቱ ከለዉ ካብ ዘሮ ኣብ ዘሮ ዝፈለመ'ዩ።

ሽዑ ከም ማስራቲትን ሓላፊትን ናይታ ኣብ ሕቝፊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝተወልደት ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበረት መምህር ጺጋ ጋይም፡ እታ



ጺጋ ጋይም (2025)

ጉጅለ ባህሊ ብኸመይ ከም ዝተማስረተት ክትገልጽ ከላ ከምዚ ትብል፦

"ከም ሰረተ እምነት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበረ ምውህሃድ ክልሰ-ሓሳብን ግብርን፡ ተመሃሮ ኣብቲ ኣብ ክፍሊ ዝወሃቦም ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ከይተሓጽሩ፡ ዝተፈላለየ ክለባት ብምቛም፡ ኑቲ ክልሰ ሓሳብ ኣብ ግብሪ ይትርጉሙዎ ነይሮም። እዚ ድማ፡ ክለብ ስፖርት፡ ክለብ ኢደ ጥበብ፡ ክለብ ባህሊ፡ ክለብ ስነጽሑፍ ወዘተ። ሽዑ እተን ኣብ ዘሮ ዝነበራ ጓንታታት ብፍላይ ገሊኦም ንኣሽቱ ዝነበሩዋ እንዳ ኣቦባ እንተ ረኣና መብዝሕትኦም እቶም ቈልዑ ትሕቲ 7 ዓመት ነይሮም። እዞም ተመሃሮ እዚኦም ኑቲ ሽዑ ዝድረፍ ዝነበረ ሰውራዊ ደርፍታት እናደገሙ ክደርፉዎ ከለዉ፡ ዝያዳ ካብቲ ማብቆላወኑቱ ንላዕሊ ህይወት የልብሱዎ ነበሩ። እቲ ቀትሪ ኣብቲ ትሕቲ መሬት ዝተሰርሐ ገዛውትን ክፍልታት ትምህርትን ዝዘመሩ፡ ለይቲ ድማ ኣብቲ ዝድቅሱሉ ተሸኪል ዝደግሙዎ ዝነበሩ ደርፍታት መቓልሒኡ ኑቲ ቀደም ጸምጸም በረኻ ዝነበረ ስንጭሮታት ሳሕል ዝያዳ ግርማ ይህቦ ነበረ።

እቶም ተመሃሮ ድማ፡ ኣብ ምድራፍ ጥራይ ከይተሓጽሩ፡ ምስቲ ደርፍታት ዝኸይድ ሳዕሳዒት ስለ ዝወሰኹ ዳርጋ እታ ጉጅለ ባህሊ ብወግዒ ከይቖመት ከሎ፡ እተን ጓንታታት ተመሃሮ ዳርጋ ኹተን ጉጅለ ባህሊ ማስራተን ነይረን ክበሃል ይከኣል። ብፍላይ ኑቲ ደርፍታት ዘለዉ እቶም ንኣሽቱ ተመሃሮ ብወዲ እናደረፉን ብኣጻብዕ ኣእጋርም ሓጻ እናጸሓተሩን ክስዕሱ ክትርእዮም እቲ ወናም ይረሰዮ። እቲ ሰረት ናይቲ ደሓር ብወግዒ ዝቖመት ጉጅለ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበረ ድማ፡ እዚ ምኻኑ ተጋዳሊት ጺጋ ጋይም ኣብ ሎሚ ኾይና ኑቲ ናይ ዘሮ እዋን ትዝክር።

እወ ካብቶም ኣብ ሰኣሊ ንርእዮም ዘለና ቀዳሞት ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፣ ሎሚ ብህይወት ዘለዉ፡ ሸማግለታት ኣቦ ሓጎታት ወይ እኖ-ሓጎታት ኰይኖም ኣለዉ። ኣነውን ሽዑ ኣብል ናይቶም ተመሃሮ ብምንባረይ ብርግጽ ሎሚ ኣብ 60ታት ዝርከቡ ሺያብ ኣቦ-ሓጎ ኰይነ ኣለኹ።

እምበኣር፡ ወግዓዊ ኣቃውማ ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ መዓስ ከም ዝነበረ እታ ጉጅለ ባህሊ ድማ ኑቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት ብኸመይ ከም ዝቐጸለቶ ከም መምህርን ሓላፊትን ናይታ ጉጅለ ባህሊ ዝነበረት ጺጋ ጋይም (ጓል ሻምበል) ኣብ ዝቕጽል ሕታም ብሰፊሑ ክነብርሃልና'ያ።

ይቕጽል



## ሳሕልን ቅርስታት ገድልን

### ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኣብ ታሪኽና፦



መቸም ሳሕል ክንብል ከለና እቲ ዝያዳ ቅድል ዝበለካ እቲ ኣብ ዘበነ ገድሊ ብሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝፍለጥ ዝነበረ፡ ሎሚ ድማ ን/ዞባ ቅሮራ ዝበሃል ዘሎ ካብቲ ኣብኡ ዝተፈጸመ ታሪኽ ሰውራ ክንጠቕስ፦

- ኣብ መፋርቕ 60ታት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓረካ) ብዙጋደሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተደምሰሰትሉ ከባቢ ዒላ ጻዕዳ ኣብዚ ቦታ'ዚ እዩ።

- እቲ ካብ መፋርቕ ሰብዓታት እናማዕበለ ዝኸደ ቀዳማይ ደጀን ህዝባዊ ሓይልታት ደሓር ህ.ግ. ኣብዚ ከባቢታት'ዚ ተማስሪቱ። እዚ ድማ፡ እምሃሚመ፡ ብሌቓት፡ ፋሕ፡ ዘሮ፡ ደብዓት፡ ሰበርቀጡ፡ ዓምባርበብ፡ ኣራግ፡ ሓለብት ወዘተ ክጥቀስ ይከኣል።

- ኑቶም ብብእዋኑ ዝተማረኹ ዓሰርተታት ኣሽሓት ምሩኻት ሰርዓታት ኢትዮጵያ ቍጽሪ 1 ኮይኑ ዝመርሐ ምሩኽ ኢትዮጵያ፡ እቲ ብህዝባዊ ሓይልታት ኣብ መጋቢት 1973 ኣብ ላዕላይ ተብሕ ዝተገብረ ውግእ ኣብ ከባቢ ግልዕ ተማረኸ።

- እቲ ቐዳማይ ቀዋሚ ውግእ ኣንጻር ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝተገብረሉ ቦታ'ውን እዚ ከባቢታት'ዚ ኮይኑ፡ እቲ ውግእ ካብ ዕለት 26/12/1973-11/01/1974 ናይ 16 መዓልታት ካብ ዓላቤብ ከባቢ ቅሮራ ክሳብ ኣልጌና ዝተገብረ'ዩ።

- እቲ ኣብ ፋሕ ዝተባህለ ቦታ ካብ ዕለት 23-31 ጥሪ 1977 ዝተገብረ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ህ.ግ. ዝተገብረሉ ቦታ'ውን ኣብዚ ከባቢ'ዚ እዩ።

- ቀዳሞት ዕቑባት ዝተዓቀቡሉ ቦታ'ውን ኣብ ደብዓት ዝተባህለ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዘሎ ከባቢ'ዩ።

- ቀዳማይ ማእከላይ ሕክምና ህ.ግ. ዝተማስረተሉ ሰበርቀጠ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል'ዩ።

- እታ ኣብ መስከረም 1976 ኣብ ምዕራባዊ እግሪ ጎቦ ዛግረ ዝተማስረተት ቀዳማይቲ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝበረቶ ቦታ (ዘሮ) ኣብዚ ከባቢ'ዚ እዩ። እዛ ቤት ትምህርቲ እዚኣ ደሓር ብሰንኪ ምግዛኣቕ ካብ ዘሮ ናብ ሓወልዕ፡ ጭልሕንት፡ ዓረርብ እናበለት ንድሕሪት ብዙሕ ቦታታት እናቐያየረት ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ጸብራን ደቀምሓረን ቀይማ።





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት ሞለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **3 Position: Village Services Superintendent**
   **Department: ES/ Village Services**
   **Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- The Village Services superintendent is responsible for the day-to-day management of the village services accommodation and catering services of all employees, contractors, and visitors. The Village services superintendent has accountabilities for all Bisha site accommodations, services including all catering operations.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Staff Management
- Operational Management
- Administrative Responsibilities: Reporting & Planning, Accommodation & Inventory and Supervision & Guidance.
- Health and Safety; compliance and awareness
- Customer Service: Complaint Resolution & Satisfaction
- Food Safety, Hygiene, Inspection, and Training: Food Handling & Hygiene

**Unique requirements / other information**

- Good written and verbal communication skills to direct the activities of workers.
- Communication skills also include the ability to listen and understand employees.
- The position also requires the ability to make decisions and find alternative solutions to problems.
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| ○ Degree in Hotel Management<br>○ Degree in Business Administration/ Management<br>○ Degree in related fields such as Accounting, Economics, Public Administration, Public Health is advantageous | ○ 10 Years' experience in hospitality service<br>○ 5 - 8 Years Managerial position in hospitality service and Camp Management |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy (MS Office – advanced)<br>○ Knowledge of food, beverage and chemicals<br>○ Knowledge of Health and Safety procedures<br>○ knowledge of Dinner Theme Nights food<br>○ Knowledge of cleaning and hygiene<br>○ Knowledge of cleaning products, Mentor/Coach<br>○ Business Writing Skill, Report Writing Skill<br>○ Administration Skill, Customer Satisfaction<br>○ Management skill, Decision-making skill<br>○ Experience in performance management & appraisals | ○ Communication (English language)<br>○ Negotiation skill, Patience<br>○ Interpersonal skill, Honesty/Integrity<br>○ Conflict handling, Interpersonal relations<br>○ Personal Hygiene/ Grooming<br>○ Innovative/Creative, Flexibility<br>○ Have a comprehensive understanding of hospitality services remote site services |

2. **4 Position: LV (Light Vehicle) Technician**
   **Department: Mining**
   **Number required: one (01)**

**Primary Purpose**

- As a Light Vehicle, responsible for the maintenance, repair, and troubleshooting of King Long busses, Light Vehicles and other equipment.
- Play a crucial role in ensuring minimal downtime of machinery and contribute to the efficiency and safety of our mining transport equipment with your ability to read and write Chinese and additional experience on King Long busses.
- To execute all work according to BMSC safe work rules and procedures.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Safety targets achieved
- SOP requirement achieved
- Production Targets met (Costs maintained within budget)
- Manpower development achieved
- Health, Safety and Environment
- Reporting
- Additional Duties

**Unique Requirements / Other Information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| ○ Must have Formal Trade certificate<br>○ Must have King Long Touring bus experience.<br>○ Being able to speak and write Chinese and understandable English will be advantageous.<br>○ Additional training or certification in light vehicle and bus maintenance and repair is preferred.<br>○ Mechanical and electrical/ Air Conditioning will be advantageous. | ○ Minimum 5 years of experience in repairing and maintaining touring King Long busses.<br>○ Proven bus/Coaches troubleshooting abilities and experience working with diagnostic tools will be advantageous.<br>○ Ability to read and interpret technical manuals, schematics, and blueprints of King Long buses.<br>○ Acceptable knowledge of workshop safety and work execution.<br>○ Holder of a valid driver license. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy, Engine fault finding<br>○ Mechanical/Electrical skill<br>○ Onboard Air Conditioning systems on busses and other light vehicle equipment<br>○ Acceptable knowledge and experience on multiple busses and light vehicle equipment<br>○ Risk Assessment, Logical Thinker | ○ Risk assessment and safety oriented<br>○ Communication (English & Chinese)<br>○ Able to work in a team concept<br>○ Able to share knowledge and skills with local workforce, Time management.<br>○ Ability to work in a multi-disciplinary environment.<br>○ Ability to work under pressure and achieve results.<br>○ Self-Starter, Organized, Competent, Dependable, Responsible and Committed. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ዓርኮብኮባይ - ኣርማ ጋሽ ባርካ

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)
ስእሊ- ክብሮም ጸሃየ



ዓርኮብኮባይ እቲ ብድልዳለኡ ዝፍለጥ ሓደ ካብ ዓበይቲ ኣግራብ እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ ኣብ ዝዘውሰ ክፋል ናይ ዓለምና ጥራይ ተሓጺሩ ይርከብ። ሓደ ካብቶም ባህርያዊ ጸባቑ ጋሽ እናስተማቕርካ ክትምርሽ እንከለኻ ዘይተኣደነ ሃብታም ትዕድልቲ ባህርያዊ ጸጋታት ቀጀል ይብለካ። ዘይከም'ቶም ኣብ ዞባ ዓንሰባ ብኸልተ ክንፊ እናሰናጠቖ'ዮምን እናጡሓስዮምን ዝሸድካ ብሰሓትትን ባርካ ከምኡ'ውን እተን ተመጣጠረን ዝበልዓ ኣግማል፡ ኩብትን ጤለብገይን ናይ'ቲ ከባቢ። ብዓብዩኡ ግን ፍሉይ ዕላል ምስ'ቲ ሕፋርን ክቡርን ሕላገት ባርካ ዝኸውን ገረብ ዓርኮብኮባይ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘደንቕ ዓለም፡ ምጽሓፍ'ውን ኣየድልየካን። ክንጽ'ዚ ዝዓቢ ሓቀኛ ዛንታ መጽሓፍ ስለ ዘየለ፡ ምኽንያቱ ብርዕን ወረቐትን ኣውጺእካ ክትሕንጥጥ ምድላይ፡ ከም'ዚ ሕጂ ግርማን ጸባቑን ናይ'ቲ ከባቢ ዘፋኽሶ ዘለኹ ስለ ዝኾነ፡ ምስ ሕንባብ'ቲ ጉዕዞ ክትሕንጥጥ ምድላይ ብዙሕ ነገራት ክሓልፈካ ስለ ዝኽእል። ብፍላይ እቶም ኣብ የማነጸጋም ደውብሞባል፡ ዋርድያ ዝመስሉ ቆማታት ኣግራብ ዓርኮብኮባይ። ንዕኦም ምስ ርኢኻ ስምዒት ውሽጥኻ ብደስታ ክዕምበብ ግድን እዩ፡ ጠሚትካ ድማ ኣይትጸግቦምን። ምኽንያቱ ካብ ዝውንንዎ ጺጋ ከም ህያብ



ዕድመኦምን ድልዳለኦምን ክውሰኽ ርዱእ ይኸውን። ካብ ውሽጥን ካብ ወጻእን ናብ ንግደትን ዙረትን ሳዋን ዳጋታት ክርከብትን ገርስትን ባድመን ባደሚትን ብሕምብርቱ ሰንጢቑሞ ዝሓልፉ ዑደተኛታት እንተኸኑ'ውን ንዘለዎም ዕቑር ሃብትን ጺጋን ናይ'ቲ ዞባ ርእዮም ኣድኒቖም ኣይጸግብዎምን። ስለ ዝኸኑ'ዩ ህዝብና፡ "መሬት ባርካ፡ መሬት ዓርኮብኮባይ ዓተይ በለይ ዝስተኸዎ ማይ" እናበለ ምስ ጉዳም ድምጻዊ በረኸት ከምዚ እንድሕር ደኣ ኩይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ደቂሱብ ዝሀቦ ረብሓታት ብዙሕ ከም ዝኸውን ንግኒትኩም ከም ትኸኑ ርዱእ እዩ። ከም ገረብ ድማ ግርማ ከባቢ ጥራይ ዘይኮኑ እዚ ዝስዕብ ብልጫታት ከምዝለዎ'ውን ምዝዛሩን ምፍላጡን ኣኻሊ'ዩ።

ገረብ ዓርኮብኮባይ ብዕሊ ተጣሒሉ ንመግቢ እንስሳታት ከገልግል ካብ ዝጀመረ ነዊሕ ዓመታት ከም ዘቑጸረ'ውን ይንገረሉ። ምስ ህዝብን ጥራትን ጥቡቕ ዝኾነ ዝምድና ስለ



ሓደጋ ምጽናት ኣንጸላልዩዎም ዝርከቡ ኣዕናናት ኣግራብ ምኽኣት እዩ። እዚ ገረብ'ዚ ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ገለ ክፋል ዞባ ዓንሰባን ዞባ ደብባዊ ቀይሕ ባሕርን ብፍላይ ከኣ ኣብ'ቲ ጠሚትካ ዘይውዳእ ጐላጉል መሬት ዞባ ጋሽ-ባርካ ከም ሳዕሪ ክረምቲ ተሰሊሙ ይርከብ።

ዝኾነ ሰብ ብመገሻ ይኹን ብኻልእ ምኽንያት ናብ'ቲ ሰፊሕን ሰቡሕን መሬት ዝውንን መሬት ጋሽ ገጹ ምስ ዘቕንዕ ዘኸርዕ ነገር ክረኽብ ግድን እዩ። ኑቲ ሰጥ ዝበለ ምውት ጐላጉል ዓይንኻ ክስሕብ ዝቖርቀር ኣማዕዲኻ ብፍጹም ጫፉት ሰፍሓቱ ክትረኽብ ኣይትኽእልን።

ኣብ'ቲ ሃጽ ዝበለ ቀላይ መሬት፡ ብሕምብርቱ ሰንጢቑ ወሰን ኢልካ ብምኽላል ለማልም መሬቱ ክትውድኦን ክትጸግቦን ማለት ግዳ ሕልሚ እዩ። መውዳእታ ዓንሰባ እናተፋነኻ ንኽብበታት በጉን ግላስን እናተፋነኻ ብዓብዩ ንሓጋዚ ሓዚልካ ዓደርደ ፈንጠስካ ናብ ሩባ እንገርን ተኸዘኩዞካ፡ ምቕልቃል ኣቑርደት ተተርኢስካ ጉዕዞኻ ኣሃዱ ኢልካ ጉዕዞኻ ትጅምር። መሰሳ ዝሑል ናይ ከቦሳ ኣየር ድማ ምስ'ቲ ሃሩራዊ ጠባያት ሸውሸውታ ንፋሱ እናተላዘብካ ክትሕንብብ እንከለኻ ፍሉይ ባህታ እናተሰማዓካ ትኸይድ።

ኣብ ሰውሒታት ጸባቑ ናይ'ቲ መሬት ጥሒልካ ክትምርቀፍ ከኣ ትቕሰብ። ብኡኡ መንጸር ሓደ ብሓደ ጉንፃ

ማሕጋጸትን ኀቦታት፡ ከም መብረ ኣማዕዲኻ ዘይውዳእ ጸለም መሬት ጋሽ ብቐድመኻን ጎድንኻን እናዕለለካን እናሰዐባካን ክኸይድ እንከሎ፡ መንፈስካ ብሓገስ ይፈስስ። ልዕሊ ኩሉ ግን እቲ ከም ሰፍሓት ሰማይ ዘይውዳእ ዝመስል ሃዝዛ መሬት። ንጸላኢ ከየድፈረ ንዋናታቱ ዝሰሓለ ቦታ ምጅማር ቃልሰን ድልያ ንናጽነትን ከም ዝበረ ከኣባ ብሓሳብ ትዝ ይብለካ። ምኽንያቱ ከበሮ እዝንኻ ብኳሕኳሒት ሓደ ሃገር ሕሹኽ ክብለካ ይሰወጠካ። ቦታ ውዳበን ምንቅስቓስ ሓርነታዊ ቃልስን ከም ዝበረ። መሰሳ ናይ'ቲ ኣብ ኣወል ቡን ትሰምዖ ሓፈስ ዕላል ታሪኽና ባዕሉ ይጸውየካ።

ኻፍሲ-ወከፍ ሩባን ኀጦን ባርካ መሬት ባረንቱን ከባቢኡን ኣቑርደት፡ ተኸሪረት፡ ዓዲ ኢብርሂም፡ ሞጎራይብ፡



ሩባ ጋሽ

ኣጋይብ፡ ሃዋሻይት፡ ታባታት ኣማልን ኣዳልን ሳዋ፡ ጀበል ሓምድ... ኩታ ኹሉ ጎማማምን ሩባታትን ጋሽ ዝዘረቦ ቋንቋ ኣለዎ - ዕላማት ሕሉፍ ጉዕዞታቱ ባዕሉ የዋጋዓካ። እቲ ምንታይ በስላታት ኣለምም። ምስኦምን ኣግራብምን እናዋጋዕካ ድማ ኣብ ዝደለኻዮ ሰዓት ናብ ዝደለኻዮ ቦታ ክተፍ ትብል። ኣብ ባሕርን ወቅያኖስን መሬት ጋሽ ባርካ ተዋሒጥካ ህልም ትብል። ዕላል ምስ መልክዕ ጸባቑን ተፈጥሮን ናይ'ቲ ከባቢ። ዕላል ምስተን ለም ኢለን ሳዕሪ ወይ ድማ ካብ ኣግራብ ደንደስ ሩባን ጐላጉልን

ፍረ ትዕድልየም ክምጥወልካ ርዱእ ስለ ዝኾኑ። ንግርማኦም ግርማ ብምውሳኽ ድማ ብሽርዓት ተፈኺፎምን ከም ዝኣበሩ ይገብርዎም። ብሓበንን ክርዓትን ዝኣክል ድማ



መንግስትኣብ ክደረፍ ዝኮነ።

ጋሽ ባርካ እንተ ኢልና ቀዳማይ ኣብ ሓንጎልና ዝመጽኣና ገረብ ዓርኮብኮባይ እዩ። ዓርኮብኮባይ እንተ ደኣ ኢልና ድማ ጋሽ ጻዕዳ ቦታ ጽጋብን ሓሊብን ይኸውን እቲ መልሲ። ብሓፈሻ ከኣ መሬት ጋሽ-ባርካ ሕዝእቲ ዓርኮብኮባይ ምኻኑ ንምግላጽ'ዩ። ንምኻኑ ግን ገረብ ዓርኮብኮባይ እንታይ'ዩ? ረብሓታት'ከ ኣለዎዶ? ምርኣዩ ኣጉዳሲ ኩይኑ ተሰሚዑኒ ስለ ዘሎ እንተዋጋዕናሉ ገለ ኣይብልን።

እዚ ዓርኪ ባርካ ዝኾነ ገረብ ዓርኮብኮባይ፡ ኣገናዱ ብልምዳዊ ኣጸዋውዳ ተባዕታይን ኣንስታይን ተባሂሉም ከም ዝጽውዑ'ዩ ዝፍለጥ። እዚ ብጉብዘና መሸከሉ ዝተፈልጠ ዓርሞሸሸ ገረብ፡ ንባርካ መድሕን ኩይኑላ ዝርከብ ተጠሚቲ ገረብ'ዩ። ብዘለዎ ጠቐምታት ድማ ባርካ ክትፍኸሮ ግድን እዩ። ወዲ'ታ ሞኮብን ምዕራባዊት ዞባን ዝኾኑ ባህርያዊ ገረብ፡ ምስጠር ጸባቑኡ ዘለዎ ድማ ንመሳርሒ ኣባይትን ዓበይቲ ድልድላትን ኩይኑ የገልግል። ከም ታሪኽ ንድሕሪት ምልስ ኢልና እንተደኣ ርኢና፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን ሰዊዱ ዝበረ መንገዲ ባቡር ኤርትራ ከም ድልድልን መንገዲን ኩይኑ የገልግል ከም ዝበረ ይፍለጥ። ጉንዱ እንተኾነ ብዋዕኡ ምስ ተጸርበ ዙብለጭልጭ ባህሪ ስለዘለዎ ኣገዳ ሰሓብን ተሃራፍን ይገብሮ። ምስ ተጣሕሰ'ውን ንመግቢ እንስሳታትን ንመኣረሒ ዝተፈላለዩ ዓቕን ዘለዎም ወረቓቕቲን ዘገልግል ብዓል ድርብ ውዕለት እዩ። ቆጽሉ ንመስርሒ ዝተፈላለዩ ዓይነት ስፈታት ማለት ሰጋርፍ፡ መኸሰተር፡ ሰተታ፡ ጊጣ፡ መሽረፈት፡ ኣልከል፡ ተንከቡት፡ ዘንቢል፡ ገመድ፡ ንመእሰሪ ዓራትን ኩርስን ካልእን ዝጠቅም ኣርሓ ኣግራብ'ዩ። ኣብቲ ባህርን ተፈጥሮኣዊ ፍሉይነት እቲ ከቡበን ወቕቲ ሓጋይ ተወሲኽዎ ዝልወጥ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ቆጽሉን ሰሩን ኣብ ርእሲ'ቲ ንላኻ ዝሀቦ ጥቕምታት፡ ከም ንቀሉበን ጽላል ሰብን እንስሳታትን ከም ዝኸውን ኣይሰሓትን። ዕንባቡ እንተኾነ'ውን ከም ንህቢ ብዝኣመሰሉ ሓሸራታትን ኩብትን ኣግማልን ኣዝዩ ፍቱው'ዩ። ብፍላይ ዘንቢል፡ ኑቲ ጠንቂ ብኮሳ ኣከባቢ ተባሂሉ ተወጊዱ ዘሎ ፈስታል ኣብ ምትካእ ዓቢ ረብሓ ዘለዎ'ዩ።

ይቕጽል...

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ናብ ርዋንዳ ኣምሪሓ

### ትጽቢት ካብ ሃገራዊት ጋንታና እንታይ እዩ!

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ኣብ ሻምፕዮን ዓለም 2025 ንምውድዳር፡ ትማሊ ቀዳም ናብ ኣኣንጋዲት ሃገር - ርዋንዳ ተበጊሳ፡፡

ኣብ 1921 ኣብ ሃገረ ደኒማርክ ዝጀመረ ቅድድም ብሽክለታ ሻምፕዮን ዓለም፡ ኣብ ዝሓለፉ 91 ውድድራቱ (ካብ 1939-45 ብሰንኪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣይተኻየደን)፡ ኣብ ካልኦት ኣህጉራት'ዩ ክካየድ ጸኒሑ፡፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ናይ መበል 92 ውድድር ግን፡ ንፈለማ ግዜ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ርዋንዳ እዩ ክቃናዕ፡፡ ካብ ሎሚ 21 ጀሚሩ ክሳብ 28 መስከረም ከኣ 13 ውድድራት ተሰሪዖም ኣለዉ፡፡

ኣብ ዘርርዋንዳ ጸቡቕ ታሪኽ ዘለዋ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ብኣሰልጠንቲ ሳምሶን ሰለሙን፣ የናስ ዘርኣይሰን እናተኣልየት፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ሰለስተ ምድብ (ካታጎሪ)፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ብሓንቲ ኣትሌት ክትውዳደር እያ፡፡ እዚ ማለት፡ እዛ ኣብ ኩሉ ምድብ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር(ክሮኖሜተር) ዘይትሳተፍ ሃገራዊት ጋንታ፡ ኣርባዕተ ናይ ጽርግያ ውድድር ይጸብያ ኣሎ፡፡

ኣብ ቅድድም ብሽክለታ፡ ኤርትራ ኣብ ዓለም ሓዚዞ ብዙሓ ደረጃ፡ ሸዱሽተ ኮታ እዩ ተረኺቡላ፡፡ ኦሎምፒካውያን ተቐዳደምቲ መርሃዊ ቅዱሱ፡ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር፡ ቢንያም ግርማይ፡ ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ ናትናኤል ተስፋጼንን ናሆም ዘርኣይን ድማ ክውዳደሩ እዮም፡፡

እቲ ዚያዳ ቆላሕታ ዝወሰደ ጸወታ እዚ ናይ ዓበይቲ ምድብ ኮይኑ፡ ሰንበት 28 መስከረም ኣብ ናይ ጽርግያ ውድድር 267.5 ኪሎሜተር ክሸፍን እዩ፡፡ ተቐዳደምቲ ብድምር 5500 ሜተር ብራኸ ክሓኽሩ ዘቕስብ'ዚ ውድድር፡ ኣብ ታሪኽ ሻምፕዮን ዓለም እቲ ዝኸበደ ተባሂሉ ኣሎ፡፡ ዚያዳ ብራኸ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዘለዎም ተቐዳደምቲ ድማ ጸብለል ክብሉ ይግመት፡፡ ብሓፈሻ ኣብዛ 'ሃገር ኣእላፍ እምባታት' ዝብል ቅጽል ስም ዘለዋ ርዋንዳ ተሰሪዑ ዘሎ ውድድር፡ ንኣፍሪቃውያን ብፍሉይ ከኣ ንናይ ሸኻ ተቐዳደምቲ ብዓዲ ክሽውን ብኢጋኡ ይትንተን፡፡

ንኣቡት ቢንያም፡ ኣብዚ ከበድ ዓቐበታት ዝጠዝሖ ቅርጺ መሬት ብደሆታት ክገጥሞ ይኽእል እዩ፡፡ እንተኾነ ኣብዚ እዋን ኣብ ዓለም ብዘለዎ ዝናን ምስሊን ዛ ጋንታ ሞራል ንምሓብን ክሱብ መውዳእታ እንተጸኒሑ ድማ ንምዕዋትን እዩ ተመሪጹ ዘሎ፡፡ ካልኦት ኩሎም ተወዳደርቲ ግን፡ ዓቕብ ናይ ምሕኳር ዝሓሸ ቁመና ከም ዘለዎም ይእመን፡፡ ብፍላይ እቲ ንናይ ዓሚ ሻምፕዮን ዓለም ዝዘዘሞ እንኮ ኤርትራዊ ናትናኤል ተስፋጼን፡ ምስ ዘለዎ ዓቕብ ናይ ምሕኳር ዓቕሚ፡ ካብቶም ተስፋ ተብሂሉም ዘለዉ ኣፍሪቃውያን ተቐዳደምቲ እዩ፡፡ ኣዘርርዋንዳ ክልተ ግዜ ዝተዓወተሉ ናትናኤል፡ ንጽርግያታት እታ ሃገር'ውን ኣጸቢቑ ዝፈልጦ ብምዃኑ፡ ካልእ ብልጫኡ እዩ፡፡

ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ኣብዚ ልዑል ተጻዋርነት ዝሓትት ውድድር፡ ኣብዚ ምድብ ኣብ 2016 ኣብ ቀጠር ብመገዲ ናትናኤል ብርሃነ ዝሓዘቶ መበል 13 ደረጃ፡ ዛጊት ዝበለጸ ውጽኢታ እዩ፡፡ ሎሚ ዓመት ኣብታ መበልዕታ ዝኾነት ሃገር ርዋንዳ'ውን ካብኡ ዝበልጽ ውጽኢት ከተመዝግብ ትጽቢት ይግበር፡፡

ኣብ ትሕቲ 23 ዓመት፡ ሚልክያስ ማእከለ፡ ሄብሮን ብርሃኑ፡ ዓወት ኣማኑ፡ ዩኤል ሃብተኣብን ያፌት መሉጌታን ክውዳደሩ እዮም፡፡ 26 መስከረም ኣብ ዝግበር ናይ ጽርግያ ጸወታ ከኣ፡ እዛ ጋንታ፡ ብዘተኻእለ ምስ ዝዘደመት ጉጅለ ንምህዋም ቀዳማይ መደባ እዩ - ብመሰረት ዓላሚኣ የናስ ዘርኣይሰ፡ ምናልባት ተኣኪቦም መዛዘሚ ሕንጻጽ ምስ ዝጽሑ ከኣ ኣብ ሸኻ ጸቡቕ ቁመና ዝለዎ ሚልክያስ ክሰርሕሉ እዮም፡፡ ኣብዚ 165 ኪሎሜተር ተሰሪዑ ዘሎ ምድብ፡ ቢንያም ግርማይ፡ ኣብ 2021 ዘምጽኦ ብሩር መዳልያ ዝበለጸ ውጽኢት እዩ፡፡

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት (26 መስከረም) 119 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፍን ማእከሎት (ጁንየር)፡ ንኪቨን ተኽለማርያምን ናሆም ኤፍሬምን ሒዛ ኣላ - ኤርትራ፡፡

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ትሕቲ 23 ዓመት ጥራይ እትሳተፍ እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ብሻምፕዮን ኤርትራ 2025 - ሞናሊዛ ኣርኣያ ጥራይ እያ ክትውዳደር፡፡ ቅድሚ ሕጂ ምስ ዓበይቲ ተሓዊሰን ዝጻወታ ዝነበረ እዘን ምድብ፡ ንፈለማ ግዜ ንበይነን ክውዳደራ እየን፡፡ እቲ ውድድር 25 መስከረም'ዩ ክካየድ፡፡

ሻምፕዮን ዓለም፡ ዳርጋ ኩሉ ብኤውሮጳውያን ኣብ ገለ ዓመታት ከኣ ኣመሪካን ኣውስትራልያን እንተዘይኪይኑ፡ ኣፍሪቃውያን ተዓዊቶሙሉ ኣይፈልጡን እዮም፡፡ ኣብ ኣፍሪቃ ክካየድ'ውን መጀመርታኡ እዩ፡፡ ሎሚ ዓመት ኣብዚ ብህሉዋዊ ጸጋታት ዝሃብተመት ኣህጉር ኣፍሪቃ ዝግበር ውድድር፡ ፍሉይ ታሪኽ ክሰርሕ ትጽቢት ይግበር፡፡ ቅድሚ ሕጂ ዘይተሰርሐ ታሪኽ ከተመዝግብ ትጽቢት ዝገበረላ ድማ፡ እዛ ኩርዓት ናይዛ ኣህጉር ዝኾነት ኤርትራ እያ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ 14 ተቐዳደምቲ ሒዛ ናብ ውድድር ኣምሪሓ ዘላ ኤርትራ፡ ኣብ ኩሉ ናይ ግዜ ጸወታ (ክሮኖሜተር) ኣይክትጻወትን እያ፡፡ ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር ዓብላሊት ዝነበረት ኤርትራ፡ ኣብዚ ውድድር'ዚ ኣብ ናይ ግዜ ጸወታ ዘይምስታፋ ንብዙሓት ከየገረመ ኣይተረፈን - እሞ ኸኣ ብደረጃ ዓለም ምስ ዘለዋ ዝና ብምንጽጻር፡፡



## ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ቀጺሉ

### ሸዑላ፡ ቤኒፈር፡ ሳዋን ዓምበርበብን ነጥቢ ተማቒለን

ስፖርታዊ ወድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብቐደማ ትማሊ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ኣብ ስታድዩም ከረን ኣካይዱ፡፡

ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጸወታ፡ ፈለማ ቤኒፈርን ሸዑላን ተራኺበን፡፡ ቀልጢፉ ጸወታ ዝተቖጻጸረት ቤኒፈር፡ ቅድምን ድሕርን ዕረፍቲ ብመገዲ ፍትሓዊት ማጆር፡ ራህዋ መንግስትኣብን የውሃና ጺጋይን ክልተ ሽቶታት ብምቑጻራ፡ ብጸፈሕ 6-0 ተዓዊታ፡፡ ራህዋ ከኣ ናይቲ ግጥም ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ፡፡

ድሒሩ ኣብ ዝተሳእለ ግጥም ሰንጦቕን ብደሆን ሰንጦቕ'ያ ኣብ መበል 26 ደቒቕ ካብ ራኢ ደብሳይ ብዝረኸበታ ሽቶ፡ ብጸቢብ 1-0 ሰዒራ፡፡ ኣመዝጋቢት ሽቶ ራኢ ደብሳይ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተጸዊዓ፡፡



ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ድማ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጸወታታት እዩ ተኻይዱ፡፡ ቤኒፈርን ሸዑላን ድማ ቀዳመን ንሜዳ ወሪደን፡፡ ሸዑላ ኣብ ሻሙኣይተን 10ይተን ደቓይቕ ብመገዲ ቤንሀር መሓሪን ቢንያም መንግስትኣብን ብዘመዝገበተን ሽቶታት፡ ንዕረፍቲ 2-0 መሪሓ ወጺኣ፡፡

ድሕሪ ዕረፍቲ ግን፡ ቤኒፈር ብዘጸበረቶ ሓያል ጻዕሪ ብተኸታታሊ ኣብ መበል 60፡ 82ን 90ን ደቓይቕ ካብ ብሩያን ሰዑድ፡ የናስ ሃይለን ቤንሀር ኣማኑኤልን ሰለስተ ሽቶታት ብምምዝጋባ፡ ውጽኢት ናብ 3-2 ቀዪራቶ ነይራ፡፡ ይኹን እምበር፡ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ኣጥቃዓይ ሸዑላ ሓየሎም ሃብተማርያም ካብ ናጻ ቅላዕ ንዘመጸቶ ኩዕሶ ብርእሱ ገጨዩ መመዓረረይቲ ሽቶ ኣመዝጊቡ፡፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ኣክሩፋሊ ሸዑላ ቢንያም መንግስትኣብ ተባሂሉ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ዓምበርበብን ሳዋን ተራኺበን ነይረን 0-0 ድማ ተፈላልየን፡፡ ተጻዋታይ ሳዋ ናህም ዓንደብርሃን ብሉጽ ተጻዋታይ ተጸዊዑ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብቲ ዕለት ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ፡ ኣብ ግራንድ ሆቴል ጸወታ ኩዕሶ መርበብ ተኻዪዱ ነይሩ፡፡

በዚ መሰረት፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ሰንጦቕ ንብደሆ፡ ሳዋ ንክንፈ 2-0 ሰዒረናኦ፡፡ ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ክንፈ ንብደሆ፡ ዓምበርበብ ንቤኒፈር ብተመሳሳሊ 3-0 ሰዒረናኦን፡፡

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሰንበት'ውን ክቕጽል ምዃኑ፡ ወኪል ጨንፈር ዜና መ/ሓ/ኀ/ሚኒ/ ምክልኻል ካብ ከረን ሓቢሩ፡፡



## ነገረ ኣሞሪም

ዓላሚ ማን ዩናይትድ - ሩበን ኣሞሪም፡ ዝኽተሎ ዘሎ ቅዲ ጸወታ ንምቕያር፡ ወላ'ውን "ጳጳስ መጺኡ ኣየእምንን'ዩ" ክብል ተዛሪቡ፡፡

እዛ ዓላሚ፡ ብዘኽተሎ ዘሎ 3-4-2-1 ቅዲ ጸወታ፡ ብብዙሓት ተንተንቲ ይንቀፍ እዩ፡፡ ንሱ ግን፡ ዝኢ ቅዲ ጸወታ ካብ ዝቕየር ተጻወትቲ ምቕያር ከምዝመርጽ፡ ኣቐዲሙ ተዛሪቡ ነይሩ፡፡

ዓርቢ ምሸት ኣብ ዝገበሮ ጋዜጣዊ መግለጺ ከኣ፡ "ኣይቅይሮን እየ፣ ወላ'ውን ጳጳስ መጺኡ ካብ ውሳኔይ ኣየቐይረንን እዩ፡፡ እዚ ስርሐይን ሓላፍነተይን እንተላይ ህይወተይ እዩ፡፡ ስለዚ ኣይቅይሮን እየ" ክብል መሊሱ፡፡




ኣብ ወጥሪ ዘላ ማን ዩናይትድ፡ ትማሊ ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከሎ፡ ኣብ ሜዳኣ ንቸልሲ ዓዲማ ናይ ሊግ ጸወታኣ ኣካዪዳ ነይራ፡፡

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ሳንደርላንድ - ኣስቶን ቪላ 4፡00 ድ.ቀ

ቦርንማውዝ - ኒውካስል 4፡00 ድ.ቀ

ኣርሰናል - ማን ሲቲ 6፡30 ድ.ቀ

**ላሊጋ**

ባርሴሎና - ገታፈ 10፡00 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ላዚዮ - ሮማ 1፡30 ድ.ቀ

ኢንተር ሚላን - ሳሱሎ 9፡45 ድ.ቀ

## ሊቨርፑል፡ ናይ 100 ሚእታዊት ዓወታ ቀጺላቶ

መራሒት ፕሪመር ሊግ ዘላ ሊቨርፑል፡ ትማሊ ንኤቨርተን ኣብ ሜዳኣ ዓዲማ ኣብ ዘካየደቶ ጸወታ 2-1 ተዓዊታ፡ ናይ 100 ሚእታዊት ዓወታ ድማ ቀጺላቶ፡፡

ንኣሌክሳንደር ኢሳቕን ፍሎሪያን ቨርትሰን ኣብ መንበር ተቓዶርቲ ኣጽኒሓ ሓሙሻይ ናይ ሊግ ጸወታኣ ዘካየደት ሊቨርፑል፡ ኣብ 10ይቲ ደቒቕ ካብ ርያን ግራቨንበርች መራሕነት ዘትሓዘታ ሽቶ ረኺባ፡ እቲ ኣክሩፋሊ፡ ካብ ሞ ሳላሕ ተሃንዲሳ ንዝመጸቶ ኩዕሶ'ዩ ልዕሊ ሓላዊ ልዳት ፒክፎርድ ኣሕሊፉ ኣመዝጊብዋ፡፡



ግራቨንበርች፡ ኣብ መበል 28 ደቒቕ ድማ፡ ኣብ ማስመር ምክልኻል ኤቨርተን ንዝተረኽበ ቀዳድ ቦታ፡ ግዜ ሓልዩ ብምሕላፍ፡ ንኢኪቲከ ብልጽቲ ዕድል ፈጢሩሉ፡፡ ኢኪቲከ ከኣ ብማንነ ኣኢጋር ፒክፎርድ ኣሕሊፉ፡ መራሕነቶም ዘዕፈሐት ካልኣይቲ ሽቶ ኣቕጺሩ፡፡ ቀዳመይቲ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታኡ ንምኪያድ ንዝጸበ ኤርትራዊ ሽወደናዊ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ድማ፡ ዓቢ መልእኽቲ ኣሕሊፉሉ፡፡ ኢሳቕ፡ ቀዋሚ ቀዳማይ ምሩጽ ኣጥቃዓይ ንምዃን ልዕሊ ኢኪቲከ ሽቶ ናይ ምምዝጋብ ብቕዓት ከማዕብር ኣለዎ - ዓላሚኡ'ውን በዚ ኣብረ ክጥቀመሉም እንተዘይመረጸ፡፡

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ኤቨርተን'ያ፡ ብመገዲ ኢድሪሳ ገየ፡ ኣብ መበል 58 ደቒቕ ብዘመዝገበታ ሽቶ፡ ውጽኢት ኣጸቢባቶ፡፡ ካብ ማን ሲቲ ብልቓሕ ናብ ኤቨርተን ካብ ዝመጸኤ ደኺሙ ዝበረ ቁመናኣ መሊሱ ዘሎ ግሪሊሽ፡ ኣብ ምምዝጋብ እዛ ሽቶ እጃሩ ሓዊሱ እዩ፡፡ እዛ ሽቶ ንሊቨርፑል ጸቕጢ እኳ እንተዝበረትላ፡ 2-1 ካብ ምዕዋት ግን ኣይተዓንቀጸትን፡፡ እዛ ጋንታ፡ ብምሉእ 15 ነጥቢ'ያ ነቲ ሊግ ትመርሖ ዘላ፡፡